# ኤርትራ ንንጥፈታት ዩ.ኤስ.ኣይድ (USAID) ደው ከምዘበለቶ ኣምባሳደር ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ ኣረጋጊጹ።

## ቤት ጽሕፈት ዜና
## ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
**27.08.2005**

መንግስቲ ኤርትራ ንንጥፈታት ዩ.ኣስ.ኣይድ (USAID) ደው ኣቢላቶ ዝብል ሓበሬታ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዙ ክዝርበሉ ከምዝጸንሐ ዝዝከር ኢዩ። ኣምባሳደር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ኤርትራ፣ ሚስተር ስኮት ደሊሲ "መንግስቲ ኤርትራ ብንጥፈታት ዩ.ኣስ.ኣይድ (USAID) ሕጉስቲ ከምዘይኮነት ገሊጻትልና" ክብል ንመጀመርያ ግዜ ኣብዚ ሰሙንዚ ንጥፈታት ናይቲ ናይ ረዲኤት ትካል ደው ከምዝበለ ኣረጋጊጹ።

ክልተ-ሲሶ ካብ ህዝቢ ኤርትራ ተጽባዪ ረዲኤት ኰይኑ ኣብ ዝርከበሉ እዋን፣ መንግስቲ ኤርትራ ናይ ረዲኤት ትካላት ከባርርን፤ ናይ ረዲኤት ማሕበራት ንዝለገስኦ ናይ መግቢ ደገፍ፣ ቀረጽ ክኽፈሎ ኣለዎ ብዝብል ካብ ስነ-መጐት ብዝርሓቐ ኢ-ሰብኣዊ ኣገባብ ኣብ ወድብ ምጽዋዕ ክዓግትን ምፍታኑን፣ ብዛዕባ ህዝቡ ዝኾነ ይኹን ሓልዮት ዘይብሉ ስርዓት ምዃኑ ቀጥልጭ ኣቢሉ ዘርኢ ምስክርነት ኢዩ።

ስርዓት ኢሳያስ፣ ነቲ ብ11 ሓምለ 2005 ዝሓገጎ ናብ ኤርትራ ዝኣቱ ዝኾነ ይኹን ረዲኤት ቀረጽ ክኸፍል ኣለዎ ዝብል ሕጊ፣ የለን፣ ከምኡ ኣይተባህለን ...ወዘተ እናበለ ኣሉታ ክህበሉ ድሕሪ ምጽናሕ፤ ለገስቲ ማሕበራት ነቲ ኣብ ምጽዋዕ ዝበጽሐ ናይ መግቢ ረዲኤት ቀረጽ ኣይንኸፍልን ኢና ኣብ ዝብል መርገጽ ድሕሪ ምድራቆም፣ ሓሶቱ ዕርቃኑ ክወጽእ ግድን ኰነ። ወይዘሮ ኣስካሉ መንቆርዮስ፣ "ዘይመንግስታዊ ትካላት ቀረጽ ክኸፍሉ ዝብል ሕጊ ኣሎ፣ እንተኾነ ግን፣ ናይዚ ኣብ ምጽዋዕ በጺሑ ዘሎ ረድኤት ቀረጽ፣ ሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ክኸፍሎ ኢዩ" ብምባል ብሓደ ሸነኽ ቀረጽ ምኽፋል ከምዘሎ እናኣመነት፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፣ ባዕልና ክንከፍሎ ኢና ብዝብል ምስምስ ንምሽፋኑ ከንቱ ፈተነ ኣካይዳ ነይራ። ሕጊ እንተደኣኰይኑ፣ ሚኒስትሪ ወይዘሮ ኣስካሉ ቀረጽ ዝኸፍለሉ ዝኾነ ይኹን ምኽንያት ክህሉ ኣይክእልን ኢዩ። ግን፣ እቲ ስርዓት ኣብቲ ዘውጽኦ ሕጊ ምድራቕ ዘየወጻጽኦ ምዃኑ ስለእተረድአ፣ ነቲ ረዲኤት ኣብ ወደብ ምጽዋዕ ንነዊሕ ግዜ ድሕሪ ምዕጋቱ ብዘይ ቀረጽ ክኣቱ ዘፍቀደ። እዚ ከኣ፣ ኣብ ኤርትራ ግዝኣተ-ሕጊ ከምዘየለ፣ ሎሚ ዝወጸ ሕጊ፣ ጽባሕ ከምዝፈርስ ዘመልክት ጭቡጥ ኣብነት ኢዩ።

ቅድም ክብል፣ ዘይመንግስታዊ ትካላት ዝውንንኦን 120 ዝኾና ረዲኤት ዘበጻጽሓ መኻይን ብመንግስቲ ኤርትራ ተሃጊረን ከምዝጸንሓ ውን ዝፍለጥ ኢዩ።

እቲ ስርዓት ብዝተኸተሎ ግጉይ ፖሊሲታት ንዝሰዓበ ሓፈሻዊ ቍጠባዊ ቅልውላውን ሕጽረት ናይ ወጻኢ ሸርፍን፣ ብቀረጽ ካብ ረዲኤት ትካላትን፥ ብምግባት ናይ ውሽጥን ወጻእን ንግድን፥ ብምቍጽጻር ምንቅስቓስ ናይ ወጻኢ ባጤራ ኣብ መዓርፎ ነፈርትን ኣጠቓቕማኡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ...ወዘተ ንምትካእ ኢሉ ዘካይዶ ዘሎ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ተግባር ምዃኑ ንምርዳእ ብዙሕ መብርሂ ዘድልዮ ጉዳይ ኣይኮነን።